# ሕገ - ደንቢ

## ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን አሜሪካ

ማሕበር ልምዓት ሽረ - ሰሜን አሜሪካ
ፖ.ሳ.ቁ. 607274
ችካጎ ኢሉኖይ 60660

ጥሪ 2001 ዓ.ም.

# ዓንቀፅ 1 : ሽምን ቤት ጽሕፈት

## ክፍሊ I - ሽም

ሽም እዚ ማሕበር - ማሕበር ልምዓት ሽረ ኣብ ሰሜን አሜሪካ, ድሕሪ ሕዚ "ማህበር" ተባሂሉ ዝፅዋዕ እንትከውን (ማ.ል.ሽ.ሰ.አ.) ኣብ ፓለቲካዊ፣ ሃይማኖታዊ ዘይሳተፍ ትካል እንትኸውን እዚ ማሕበር ብመሰረት ውሽጢ ሕጊ ደንቢ ሃገር 1954 ዓንቀጽ 50(ሐ) (3) ሕዚ ተፈጸሚ ዝኸውን ወይ ድሕሪ ሕዚ ክመሐየሽ ብዝኽእል ሕጊ ፍፁም ንምግባረ ሰናይ ዕላማ ዝተጠየሸ አትራፊ ዘይኮነን ካብ ግብሪ ነፃ ኮይኑ ዝንቀሳቀስ ማሕበር እዩ፡

## ክፍሊ 2 - ዝተመዝገበሉ ዋና ቤት ጽሕፈት

ናይዚ ማሕበር ዝተመዝገበሉ ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ችካጎ ኢሉኖይ - አሜሪካ ብሕጋዊ ፍቓድ ዝቜመ እዩ፡፡ ናይዚ ማሕበር ዋና ቤት ፅሕፈት ናይዚ ማሕበር ኣቦ ወንበር ኣብ ዝነበርሉ ግዝኣት ይኸውን፡፡ እዚ ማሕበር አብ ግዝኣት ኢሉኖይ አብ ዘሎ ናይ ፀሓፊ ቤት ፅሕፈት ኩሉ ጊዜ ቀዋሚ ፋይል ዝዕቅብ ይኸውን፡፡

ናይ ተወካሊ ዝተመዝገበ ሽም ከምኡውን ናይ ዝተመዝገበሉ ቤት ፅሕፈት አድራሻ ብዕሊ ብመሰረት ደንቢ ውሽጢ ሃገር 195 ዓንቀጽ 501 (ሐ) (3) ኣትራፊ ዘይኮነ ደንቢ ኮርፖሬሽን ዘማልአ ይኸውን፡፡

# ዓንቀጽ 2፡ ማሕተም

ዳይሬክተራት ቦርድ እዚ ማህበር ዝጥቀመሉ ዝግባእ ዕላዊ ማሕተም የቕርብ፡፡

# ዓንቀጽ 3 : ዕላማ

## ናይዚ ማሕበር ዕላማ

- ንኹሎም ናይ ዞባና ተምሃሮ ጥጡሕ ናይ መምሃሪ ቦታ ምፍጣር አድላይ ዝኾነ ድጋፍ ብምሃብ ትምህርታዊ ፕሮግራማት ምጥያሽን ምብርትታዕን

- ትምህርታዊ ቴክኖሎጂን ናይ ሕክምና ናውቲን ካልኦት ኣድላይ ዝኾኑ ነገራት ብምቕራብ ናይ ዞባና ፅፈት ትምህርትን ግልጋሎት ጥዕና ምርግጋፅ
- ኣብ ውሽጥን ደገን ንዘለው ኣባላት ሰብ ሞያ ፍልፍል ሓበሬታ ምዃንን ምድጋፍን
- ኣብ ሽረን ከባቢኣን ኣብ ዝኾነ ዓይነት መሰረተ ልምዓትን ኣብ ባህላዊን ማሕበራዊ ፅብየት ምስታፍን ምሕጋዝን
- ኣባላትን ነበረቲ ዞባና መንእሰያት ዝያዳ ፈጠርቲ፣ ንኽኾኑ ካብ መሰረታዊ ትምህርቲ ወፃእ ተግባራት ክሳተፉን ኣብ ማሕበረሰቦም ተሓጋገዝትን ኣብ መንጉኦም ድማ ተሓባበርትን ብሓልዮት ዝደጋገፉን ንክኾኑ ንምግባር ምሕጋዝ
- ተበጋስነት ምትብባዕን ምውሳክን ናይ ዞባና ኣብ ከምዚ ዝበሉ ልምዓት ምውሳኽ
- ናይዚ ማሕበር ቀፃሊ ናይ ሰናይ ምግባር ዓላማ ዝያዳ ንምውሳኽ ኣብ ዝኾነ ሕጋዊ ስራሕቲ ምስራሕ

## ዓንቀጽ 4 : አባላት

### ክፍሊ 1 - ናይ ኣባላት ብርኪ

ናይዚ ማሕበር አባልነት ክልተ ብርኪ ዘለዎ ኮይኑ “ዋና ኣባላት” ን “ግዳማዊ ደጋፊ አባላት” ይበሃሉ፡፡

ሀ. **<u>ዋና ኣባልነት:–</u>** ነዚ ማሕበር ብፋይናንስ ሞራልን ስነምግባር አስተዋፅኦ ንምግባር ብተኸታታሊ ፃዕሪ ዝገብሩ ንቑሓት ዋና ኣባላት ኢልና ንፅውዖም፡፡ እዞም ኣባላት ኣብ ኹሉ ዋኒን ሓደ ዓይነት ድምፂን መሰልን ዘለዎም እንትኾኑ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ማሕበር ወሃብቲ ውሳነ እዮም፡፡

ለ. **<u>ግዳማዊ ደጋፊ ኣባልነት:–</u>** ግዳማዊ ደጋፊ ኣባላት ኣብ ተግባራት እዛ ማሕበር ሓልሓሊፎም ዝርከቡ ወይ ዝሳተፉ ወይ ኣብዛ ማሕበር ንእሽተይ ወይ ባዶ አስተዋፅኦ ዘለዎም ወይ ናይ አባላት ዝተዘርዝሩ ረቛሒታት ዘየማልኡ ውልቀ ሰባት እዮም፡፡ ግዳማዊ ደጋፊ ኣባላት ኣብ ናይዛ ማሕበር ዋኒንን ድምፂን ውሳነን አይሳተፉን፡፡

### ክፍሊ 2 - አባልነት

ድምፂ ዝህቡ አባላት አብ ዓንቀጽ 3 ዝተዘርዝረ ዓላማ ንዝድግፉ ዝኾኑ ይኹን ውልቀ ሰባት ኮይኑ፣ ናይ ኣባልነት ሕቶ ቀሪቡ ዓመታዊ ክፍሊት ምስተጠናቐቐ ዝውሃብ ይኸውን፡፡ ናይዚ ማሕበር አባልነት

ንዝኾነ ታሪኽ፣ ሃይማኖት ወይ ዓሌት፣ ፆታ ከይፈለየ ብሕጊ ንማንም ዘይንፅል ንሕድሕድ ብኣግባቡ ዘተአናግድን ማሕበር እዩ::

## ክፍሊ 3 - ዓመታዊ ክፍሊትን ግዴታ ኣባልን

ኣብ ዓመታዊ ጉባዔ ኩሎም አባላት ብኣብዝሓ ድምፂ ብውሳነ እንተዘይተቐይሩ ዝድለ ዓመታዊ ክፍሊት መጠን $120 ዶላር ወይ ብወርሒ $10 ዶላር ናይ አባልነት ክፍሊት ይኸፍሉ። ማንም አባል ግዴታን ሕግን ማሕበር ክሳበ ዘኽበረ ብአማልነቱ ዝቕፅል ይኸውን::

## ክፍሊ 4 - መሰል አባላት

- ሕድሕድ አባል ኣብ መረፃ ማሕበር ናይ ኣባል ድምፂ ንምምሕልላፍ ብሓደ ድምፂ ይውክል።
- ዝኾነ ዋና ኣባል ኣብዚ ማሕበር ከም ብዕላዊ ክምረፅን ክመርፅን መሰል አለዎ።
- ሕድሕድ ኣባል ቅድም ኢሉ ከምዝተገለፀ ዕላዊ ናይ ምምራፅ ዝኾነ ሓላፍነት ናይ ምሓዝ ተመሳሳሊ ረብሓ አለዎ።
- ሕድሕድ አባል ሓሳቡ ናይ ምግላፅን ብዝኾነ ዝተመረፀ ብዕላዊ መወዳእታ ዝተወሃቡን ዝሓለፉን ውሳነታት ዝምልከት ከተግብርን ክሳተፍን አለዎ።
- ሓደ ኣባል ኣብቲ ጨንፈር ንዝተመርፀ ሓላፊ ብፅሑፍ ወይ ብምልክታ ኣብ ዝኾነ ጊዜ አባልነቱ ከቋርፅ ይኽእል።

## ክፍሊ 5 - ካብ አባልነት ምእጋድ

ዝኾነ ኣባል ቀፂሎም ዘለው ነጥበታት እንትጥሕሰ ብናይ ኩሎም አባላት ቦርድ ኣብዝሓ ድምፂ ካብዚ ማሕበር አባልነት ክውገድ ይኽእል።

- ተቐባልነት ዘይብሉ ስራሕ ዝሰርሕን ናይ ስነምግባር ጉድለት ዘለዎን ናይዚ ማሕበር ሕገ-ደንቢ ዘየኽብርን
- ናይዚ ማሕበር ገንዘብ ብዘይ አግባብ ዝጥቀምን ናይዚ ማህበር ዕላማ ብዝተጋገየ መንገዲ ዝተጠቐመ ዘይሕጋዊ ዝኮነ ተግባር ዝፈጸመ

## ክፍሊ 6 - ናብ አባላት ምምላስ

በመሰረት ሕገ-ደንቢ ዓንቀፅ 4 ክፍሊ 5 አባልነቱ ዝተቋረፀ ውልቀሰብ እቲ ፀገም ምፍትሑን ጌግኡ ምእራሙን ብምግላፅ መሊሱ ንኽኣቱ ከመልክት ይኽእል:: መሊስካ ንምእታው ዝውሃብ ውሳነ ዋና አባላት ኣብዛሓ ድምፂ ዝውሰን ይኸውን::

# ዓንቀፅ 5 : ኣኼባ አባላት

## ክፍሊ 1 - ዓመታዊ ኣኼባ

ዓመታዊ ኣኼባ ኣባላት ማሕበር ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ኣብ እዋን ምትእኽኻብ እቶት ዓመታዊ ጉባኤ ዝካየድ ይኸውን:: ናይ ዓመታዊ ኣኼባ ፃወዒት እንተነኣስ ቅድሚ 10 መዓልታት እቲ ኣኼባ ኣብ ዌብ ሳይት እዚ ማሕበርን ኣብ ዝኾነ  ማሕበራዊ መራከቢ ማዕኸናት ወይ ሕጋዊ ሕትመት እዚ ማሕበር ዝገለፅ ይኸውን:: ኣብዚ ዓመታዊ ኣኼባ አባላት ዳይሬክተራት ቦርድን አፊሰራትን ምምራፅን ብዛዕባ ተግባራት ማሕበርን ኦዲት ሪፖርትን ምስማዕ ከምኦውን ናይዚ ማህበር ቀፃሊ ኣንፈት ኣካይዳ ምውሳን ይኸውን::

## ክፍሊ 2 - ህፁፅ ኣኼባ

ናይ አባላት ህፁፅ አኼባ ክካየድ ዝኽእል አቦ መንበር ወይ አብዝሓ አባላተ ቦርድ ሕቶ እንተቅርቡ ብኩሎም መራኸቢ ማዕኸናት እታ ማሕበር ናብ ኩሉን ጨናፍራት ብምልአኽ ክካየድ ይኽእል ::

## ክፍሊ 3 - ናይ አባላት ቃለ ጉባኤ

ድምፂ ኽሃብ ካብ ዝኽእሉ ጠቅላላ አባላት ብአካል ወይ ብተወካሊ እንትርከቡ ምልአተ ጉባኤ ይኸውን:: አብ ዝመሓላለፉ ውሳነታት ድጋፍ ወይ ተቓውሞ ምህብ ዝክእሉ ሕድሕድ አባላት አብ ዝኾነ አኼባ ብሓደ ድምፂ ይክውሉን ይሳተፉን: : ዝኾነ ናይ ማሕበር አኼባ  ብአቦ መንበር ንሱ አብ ዘይህልወሉ ግዜ ድማ ብምክትል አቦ መንበር ዝምራሕ ይኸውን:: ናይዚ ማሕበር ፃሓፊ ድማ ከም ናይቲ አኼባ ፀሓፊ ኮይኑ ዝሰርሕ እንትኸውን ናይቲ አኼባ ደንብን መምርሕታትን ይከታተል::

# ዓንቀፅ 6 : ዳይሬክተራት ቦርድ

## ክፍሊ 1 - ዳይሬክተራት ቦርድ በዝሕን ደረጃ ትምህርቲ

በዝሒ አባላት ቦርድ ካብ ዕስራን ሓሙሽተን (25) ዘይብልፅን ካብ ዓሰርተ ሸውዓተ (17) ዘይንእስን አባላት ዝህልወዎ ይከውን፡፡ አባላት ቦርድ ንሓፍሻዊ ፖሊስን መምርሒ እታ ማሕበር ናይ ምሕላው ሓላፍነት አለዎም፡፡

## ክፍሊ 2 - ዘበን ስራሕ

ኩሎም ዝተመረፁ አባላት ቦርድ ንኽልተ ዓመት የገልግሉ ኮይኑ ግን ንተኸታታሊ ሰለስተ ናይ ስራሕ ዘበን  መሊሶም ክምረፁን ከገልግሉን ይኽእሉ፡፡

## ክፍሊ 3 - አኼባ ቦርድ

አባላት ቦርድ ብቴልኮንፈረንስ ኣቢሎም ብዛዕባ ሓፈሻዊ ተግባራት ንምዝታይ በብወርሑ ዝእከቡ ይኸውን  ዕላዊ አኼባ ቦርድ እንተነኣሰ ቅድሚ ፤ ሰሙን (7 መዓልታት) አቐዲሙ ንሕድሕድ አባል ቦርድ ናይ ብፅሑፍ ወይ  ብምልክታ ፃውዒት ክበፅሖ አለዎ፡፡

ናይ አባላት ቦርድ ስሩዕን ህፁፅ ኣኼባ አቦ ወንበር ቦርድ ምስ ፈፀምቲ ስራሕ ብምትሕብባር ዝካይድ ይኸውን፡፡ ፍሉይ/ህፁፅ አኼባ ቦርድ ብአቦ ወንበር ቦርድ ወይ ብሲሶ/ሓደ ኢድ አባላት ቦርድ ሕቶ ዝፅዋዕ ይኸውን፡፡ ናይ ህፁፅ አኼባ ፃውዒት እንተነአሰ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ንሕድሕድ አባል ቦርድ ብፅሑፍ አቢሉ ዝለአኾ ይኸውን፡፡

<u>**ዓመታዊ አኼባ**</u> አባላት ቦርድ አብ እዋን ምትእኽኻብ እቶት ዝካየድ ይኸውን፡፡

## ክፍሊ 4 - ቃለ ጉባኤ

ካብ አብዝሓ ቦርድ 2/3 አባላት እንትርከቡ ምለአተ ጉባኤ ይኸውን:: ብአብዝሓ ዝተወሰነ ውሳነ ድማ ተቐባልነት ይህልዎ::

## ክፍሊ 5 - ደንቢ መረፃ

ብነበርቲ ናይ ግዝኣት በዝሒ ኣባላት ዝውሰን ናብ  ሕቑያት ቦርድ ሓደ ወይ ዝያዳ ሕቑያት ንምልኣኽ ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ኩሉ ግዝኣት ኣብነት እታ ግዝኣት 5 ወይ ትሕቲኡ ዝኮኑ ዋና ኣባላት እንተሃልይዋ ሓደ ተወካሊ ይህልዋ ፤ 5 – 20 ኣባላተ ዘለዋ ግዝኣት ድማ ክልተ ተወከልቲ ይህልዋ ፤ 20ን ካብኡ ንላዕሊ ድማ ሰለስተ ተወከልቲ ይህልዋ።

ብግዚያዊነት ዝተጣየሸ ቦርድ ኮሚቴ ልምዓትን ናይ ገለልተኛ ኦዲት ኮሚቴ ሓደ ሰብ ንከይዲ መረፃ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ ዝተመረፁ ሕድሕድ ግዝኣት ተወካሊ ኣብ እዋን ከይዲ መርፃ ብምርድዳእ ሓላፊነቶም ይዋፅኡ፡፡ እዞም ናይ ግዝኣት ዝተመረፁ ሕቑያት ኣብ ከይዲ መረፃ ዝተመደቡ ፈፀምቲ ሓላፍነት ዘለው ሓዊሱ ብዓመታዊ ኣኼባ ተወከልቲ ኣባላት ደምፂ ክፀድቕ ኣለዎ፡፡ ኣብዝሓ ኣባላት ኣብ ከይዲ ምፅዳቕ መረፃ ክርከቡ ይግባእ፡፡ ኣብ ኣኼባ ኣባላት ከምዝተመርፁ ካብ ዝንገረሉ ዕለት ጀሚሩ ንኽልተ (2) ዓመት ይመርሑ ዘገልግሉ ይኾኑ፡፡ ስለዚ እዞም ዝተመረፁ ኣባላት ናይዚ ቦርድ ወሃብቲ ድምፂ ኣባላት ይኾኑ፡፡ ናይዚ መርፃ ከይዲ ቅድሚ ናይዚ ማሕበር ምድላው ሐደ መዓልቲ ክካየድ ዝኽእል ኮይኑ ምስ ስራሕ ዝተሓሓዘ ዝኾነ ለውጢ መሰረት ዝገበረ ናይ ጊዜን ቦታን ከይዲ ከም መማረፂ ዝፀንሕ ኮይኑ እዚ ዝፀደቕሉ ከይዲ ድሕሪ ማሕበር ምድላው ክኸውን ይኽእል፡፡ ሰርዓት ኣዋህባ ድምፂ ፈፀምቲ ስራሕ ኣባላት ንምምራጽ  ውሳነ ንምሃብ እቲ ሰርዓት ኣግባብነት ንኽህልዎ ዝኾነ ሰብ ሚስጥራውነቱን ዝሓለወ ፍትሓዊ መረፃ ንኽህሉ ናይ መረፃ ሰደቓ/ኮሮጆ ዘካተተ ክኾን ይግባእ፡፡

## ክፍሊ 6 - ካብ ወሃብቲ ድምፂ ኣባልነት ምልዓል ወይ ምእጋድ

ዝኾነ ኣባል ቦርድ ካብ ኣኼባ ቴሌ ኮንፈረንስ ኣባላት ቦርድን ንሰለስተ(3) ተኸታታሊ መዓልታት እንተቐርዩን እቶም ዝተረፉ ቦርድ ዳይሬክተራት እዚ ዝተጠቐሰ ኣባል ዘተረፈሉ መኽንያት ዘእምን ኮየኑ እንተዘይረኺቦሞ ካብ ኣባል ቦርድ ንኽልዓል ድሕሪ ክልተ ናይ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ስዒቡ ድምፂ ብዝህቡ ኣብዝሓ ኣባላት ቦርድ (2/3) ብድምፂ ዝኾነ ኣባል ቦርድ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ክለዓል ይኽእል፡፡

## ክፍሊ 7 - ኣብ ኣባላት ቦርድ ዘለው ክፍቲ ቦታታት ምምላእ

ኣብ ቦርድ ዘሎ ክፍቲ ቦታ 10 ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑ ድምፂ ምሃብ ብዝኽእሉ ኣባላት ቦርድ ኣብዝሓ ድምፂ ክምላእ ይኽእል:: ኣብ ከምዚ ዓይነት ክፍቲ ቦታ እዋን ቀፀልቲ ኣባላት ቦርድ ትሕቲ 10 ኣንተኾይኖም ኣቦ ወንበር ቦርድ ኣብ ኣባላት ቦርድ ዘሎ ክፍቲ ቦታ ኩሉ ንኽመልእ ናይዚ ማሕበር ኣባላት ህፁፅ ኣኼባ ዝፅውዕ ይኸውን፡፡ ዓሰርተ ወይ ዝያዳ ዝተመረፁ ኣባላት ቦርድ ሕዚውን እናኣገልጋሉ እንተኾይኖም ክፍቲ ቦታ እንክይተተሓዘ ክፀንሕ ይኽእል፡፡ ክፍቲ ቦታ ንኽተሓዝ ዝተመረፀ ሕድሕድ ኣባል ቦርድ ዝትክኦ ሰብ ሰጋዕ ዝምረፅ ንዝተረፈ ጊዜ ዘይሓላፎ እዋን ዘገልግል ይኸውን፡፡ ከምኡውን ዋላኳ 10 ወይ ዝያዳ ኣባላት ይሃልው ኣብ ዝኾነ እዋን ክፍቲ ቦታ እንተሃልዩ ኣግባብ ዘለዎ ክፍቲ ቦታ ንምትሓዝ ህፁፅ ኣኼባ ክፅዋዕ ይኽእል፡፡

## ክፍሊ 8 - ኮሚቴ ፈፀምቲ ስራሕ

ኣባላት ቦርድ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ይህልዎ ንሳቶም እውን ኣቦ ወንበር ቦርድ፣ ምክትል ኣቦወንበር፣ ፀሐፊ፣ ሓላፊ ርክብ ህዝቢ ከምኡውን ብናይዚ ማሕበር ኣቦ ወንበር ቦርድ ዝምረፅ ሓደ ኣባል ቦርድ ዝሓዘ/ዘካተተ ይኸውን:: ፈፃሚ ስራሕ ኮሚቴ ይህልዎ እንተነኣሰ ካብ ኣባላቱ ሓሙሽተ(5) እንተወሲኖም ኣብ ሃንደበታዊ ክስተት ንኽሰርሕ ስልጣን ዝህልዋ ይኸውን፡፡

## ክፍሊ 9 - ስልጣንን ስራሕን ሓላፍነት

<u>**ኣቦ ወንበር ቦርድ**:–</u> ብመሰረት ቁፅፅር ቦርድ ከምኡውን ብመሰረት ሕጊን ደንቢ እዛ ማሕበር ናይ ኩሎም ኮሚቴ ስራሕቲ ዋና ሓላፊ ኾይኑ ናይዛ ማሕበር ሰራሕቲ ዝቆፃፀር እንትኾን እዚ ኣቦ ወንበርን ፀሐፊ ምስ ካልኦት ተመረፅቲ ኣባላት ብምምኽኻር ኣጀንዳ የዳልው፡፡ ክንዲ እዛ ማሕበር ብምኽን ብሕጋዊ መንገዲ ክፍፀሙ ኣብ ዝኽእሉ ዝኾነ ውዕሊ ወይ ሰነድ ወይ ካልእ ኣግባብነት ዘለዎ ሕጋዊ ሰነድ ዝፍርም ይኸውን፡፡ እዚ ኣቦ ወንበር ናይ ቦርድ  ኣኼባ ኮሚቴ ፈፃሚት ስራሕ ፣ ዓመታዊ ኣኼባ ዝመርሕ ይኸውን፡፡

<u>**ምክትል ኣቦ ወንበር ቦርድ**</u> ፡ ኣቦ ወንበር ኣብ ዘቐርየሉ ወይ ዘይኽእለሉ ጊዜ ሓላፍነታት ብምፋፃም ናይዚ ቢሮ ስልጣን ይትግብር፡፡ እዚ ም/ኣ/ወንበር ናይዛ ማሕበር ኩነታት ኣባልነት ዝመርሕን ዝቆፃፀር ኮይኑ ዝያዳ ብዛዕባ ህዝቢ ዘድሊ ሓበሬታ ኩሉ ይህልዎ፡፡ ከምኡውን ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ብቦርድ ክግለፁ ዝኽእሉ ብሕትመት ዝልቀቑ ዝመሳሰሉ ምድላውን ስርጭት ሕትመት ይቆፃፀር፡፡

**<u>ፅሐፊ ቦርድ፦</u>** እዚ ፀሐፊ ብቦርድ መምርሒ ኩሉ መዛግብቲ ከምኡውን ከይዲ ኣኼባ ቦርድ ኩሉ አብነት ዓመታዊ ህፁፅን ካልእ ዝኾነ ናይ ኮሜቴ አባላት ኣኼባ ቃለ–ጉባኤ ብምሐዝ ንኽፀድቕ ናብ ኣቶም የቕርብ፡፡ እዚ ፀሓፊ ናይ ኩሎም አኼባታት ቃለ–ጉባኤ መከታተሊ ሰነድ ብምሓዝ ብቕደም ስዓብ የቐምጥ፡፡ ንሱ ናይ ቃለ–ጉባኤ መከታተሊ ሰነድ፣ ሕገ-ደንቢ፣ መምርሒ፣ ትእዛዝ፣ ናይ አባላት ዝርዝር፣ ናይ ማሕበር ሽም፣ ናይ ኮሚቴ ዝርዝርን ነቲ አኼባ ዘድልዩ ካልኦት ጠቓምቲ ሰነዳት ዝሕዝ ይኸውን፡፡ ብሕጊ አብ ዝተፈፀመ ዝኾነ ሰነድ ዘድልዩ ማሕተም የዕረፍ፡፡ እዚ ፀሐፊ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ በአባላት ቦርድ ክግለፅ ዝኽእል ከም አድላይነቱ አብ ከምዚ ዝበሉ ሰነዳት ከፍርምን ብሐፈሻ አብ ቤትፅሕፈት ዘሎ ዝኾነ ሃንደበታዊ ስራሕ ዝፍፅም ይኸውን፡፡

**<u>ሓላፊ ርክብ ሕዝቢ፦</u>** አብ መንጎ እቲ ትካልን ሕዝቢታት ዝግበሩ ርክባት ይቆፃፀር፡፡ ትካል ወይ ድማ ውልቀ ሰባትን ተመልከቲ ቁሩባት ክኾኑን ከፍሊት ዘይሐቱ ናውቲ ዜና ከም አርእስቲ ሕዝቢ ዝደልዮ ብምሐዝ ናብ መድረኽ የቕርብ፡፡ በሐፈሻ ፅቡቕ ሽም ማ.ል.ሽ.ሰ.አ ሐደሽቲ አባላት ንምምልማል ከምኡውን ብቐጥታ ርክብ ምስ አብ ኩሉ ግዝኣት ዘለው ጨንፈራት የተሓሰባብር፡፡ እዚ ሙያዊ ዘፈር ናይ አባላት ግንዛበን ድጋፍ ንምርካብ ከምኡውን ኣብሓሳብን ባህርይ አዋንታዊ ፅልዋ ንምሕዳር ዝዓለመ እዩ፡፡ እዚ ናይ ሚድያ ኮሚቴ ስራሕ እዩ፡፡

**<u>ተሓዚ ገንዘብ ቦርድ፡</u>** ብገለልተኛ አዲት ኮሚቴ ንዝተሓዝ ናይዛ ማሕበር መዛግብቲ ፋይናንስ ዝተማለአ አለዎ፡፡ ተሓዚ ገንዘብ ናይዛ ማሕበር መዛግብቲ ፋይናንስ ዝግምግም እንትኾን ናይዛ ማሕበር ውሽጣዊ ስርዓት ፋይናንስ ዝምልከት በብጊዚኡ ሓሳብ ይህብ፡፡ እዚ ተሐዚ ገንዘብ ምስ ናይዚ ኮሚሽን ገለልተኛ ውሽጣዊ ኦዲተር ንምምኽኻር አብ ስራሕ ቦትኡ ክርከብ አለዎ፡፡ ብተወሳኺ ብናይ ገለልተኛ አዲት ኮሚሽን ውሽጣዊ ኦዲተር ዝተዳለው ብውሽጢ ዝተቐመጠ መግለፂ ፋይናንስ ዝግምግም ይኸውን፡፡ እዚ ተሓዚ ገንዘብ ናይ ማሕበር ምድላዋት ኣብ ዘዋድደሉ እዋን ናይ ሕድሕድ ግዝኣት ሃገር ዘለው ገንዘብ ዘተአኻኽቡ ኮሜቴ ዝመርሕን ዝአሊ ኮይኑ እንተነስ አብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ናይ ፋይናንስ ሪፖርት ብፅሑፍ ናብ ገለልተኛ አዲት ኮሚሽን ኦዲተር የቕርብ ወይ ንምቕራብ ዘተሓባብር ይኸውን፡፡ እዚ ተሓዚ ገንዘብ ናይ ፌደራልን ግዝአት ናይ ተመላሲ ሓበሬታ ዝድለ ናይ ምምላእ ሓላፍነትን ከምኡውን ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ብአባላት ቦርድ ክግለፁ ዝኽእሉ ኩሎም ተግባራትን ናይዚ ቢሮ ካልእ ሃንደበታዊ ሓላፊነታት ይፍፅም፡፡

# ዓንቀፅ 6 - ገለልተኛ ኮሚሽን ቁፅፅር

## ክፍሊ 1 – ተግባራትን ሐላፍነታት

ገለልተኛ ኮሚሽን ኦዲት ናይ ጠቅላላ ማሕበር ውሽጣዊ ቁፅፅር ምቁፁፃርን ናይ ምድላው ሐላፊነት አለዎ፡፡ ከምኡውን ኦዲት ፋይናንስ ረቛሒ መምርሒ በጀት ምናልባት አድላይ እንተኾይኑ አብ ከይዲ ዘሎን አብ መፃኢ ዝካየድ ፕሮጀክትታት ሪፖርት የቕርብ ንኹሎሞ አባላት እቲ ማሕበር ሪፖርትን ዓመታዊ ኦዲትን የቕርብ ከምኡውን አባላት ማሕበር ንምብርትታዕ ፖሊስታትን ፕሮግራማት ይቐርጽ ከምኡውን አባላት ቦርድ ብዘይ ሐደ ፍርሒ ዝተሰረቐን ዝተጭበርበረን ንብረት እቲ ማሕበር ክጋለፅ ይገብር፡፡

ናይዚ ኮሚሽን ዋና ዓላማ ናይዚ ማሕበር ኩሎም ክከካየዱ ዝኽእሉ ፅቡቅ ርክብን ተአማንነትን ንምጥጣሕ እዩ፡፡ ብተወሳኺ እዚ ኮሚሽነ ዝተወሰኑ ናይዚ ማሕበት ፖሊሲታትን መምርሕን አብ ምግምጋም ሓሳብ ብምቅራብ ዝሳተፍ ይኸውን:: ብሓበሻ አሰራርሓነ ንውሽጣዊ ቁፅፅር ብምምሕያሽ ብምሕጋዝ ነዚ ማሕበር ዘገልግል ይኸውን::

**ንዝያዳ ሓበሬታ**:– ናይ ገለልተኛ ኦዲት ኮሚቴ ናይ ውሽጢ ሕገ ደንቢን መምርሕን ምርአይ ይከአል::

## ክፍሊ 2 – መረፃን ናይ አገልግሎት ግዜን

እዚ ኮሚሽን አብ ዓመታዊ ምትእኽኻብ እቶት እዚ ማሕበር ብአባላተ ዝምረፅ ይኸውን:: እቶም ዝተመረፁ አባላት ኮሚሽን ድማ ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመታት ዘገልግል ይኸውን::

## ክፍሊ 3 – መሰልንን ስልጣንን

እዚ ገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽን ናይዛ ማሕበር ናይ ገንዘብ ምንቅስቓስ ናይ ምቁፅፃርን ኦዲት ናይ ምግባርን ገለልተኛ ስልጣንን መሰልን አለዎ ኾይኑ ብዝትፈለየ ስልጣን ድማ ምስ አባላት ቦርድ ማሕበራዊ ርክብ ይህልዎ:: እዚ ናይ ስልጣን ምፍልላይ ክልቲኦም ወገናት አባላት ቦርድን ገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽንን ናይዛ ማሕበር ምምርሕን ደንብን ካበ ምጥሓስ ዝከላከል ኮይኑ ክልቲኦም አካላት ንኽፃርዩን ከመዛዝኑን ንፁር ስርዓተ ዝፈጥርን እዩ::

## ክፍሊ 4 - ኣብ መንጎ ኣባላት ቦርድ ዝህሉ ርክብ

እቲ ገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽን ምስ አባላት ቦርድ ስጡም ዝኾነ ርክብ ይህልዎ ናይዚ ማሕበር ዝምልከት ክልቲኦም ወገናት ሓባራዊ ሽቶ ዘለዎም ብምዃኑ እዚ ገለልተኛ ኮሚሽን ምስ አባላት ቦርድ ብቐርበት ዝስርሕ ይኸውን:: እዚ ኮሚሽን ንንናይ አባላት ቦርድ ስራሕቲ ደጋፊ ሞተር ይኸውን:: ክልቲኦም ወገናት ናይዚ ማሕበር ዕላማታት ንምዕዋት ብሉፅ ዝሰርሕ ትልሚ ብምሓዝ ነዊሕን ሓፂር ትልምታት ብምሕንፃፅ ብሓባር ዝስርሑ ይኾኑ:: ክልቲኦም ወገናት ብዝኾነ ዝጥዕም መራኸቢ መንገዲ ጌሮም በብርብዒ ዓመት ኤኼባ የካየዱ::

## ክፍሊ 5 - ዘይምርደዳእ ወይ ጎንፂ ኣብ መንጎ አባላት ቦርድ

ብዝኾነ ዝተፈለየ ምክንያት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝኾን ዘይምስምማዕ እንተጓኒፋ ንዝርዝር ምይይጥን ናብ ስምምዕ ንምብፃሕ ብቦርድ ኣቦ ወንበር አቢሉ ህፁፅ አኼባ ክፅዋዕ ይኽእል:: ኣብ ከይዲ ተወሳኺ ዘይምስምማዕ እንትጎንፍ እዚ ፍሉይ ገለልተኛ ኮሚሽን ኦዲት ክሰርሓሉ ዝኽእል ዝኾነ መፍትሒ ሓሳብ የቕርብ::

# ዓንቀፅ 8 : ኮሚቴ

## ክፍሊ 1 - መጥያሽ ኮሚቴ

አባላት ቦርድ ናይዚ ማሕበር ተግባራት ዝቆፃፀሩ ኣብነት ገንዘብ ምእካብ፣ ርክብ ህዝቢ፣ ዌብ ሳይት ኮሚቴ ፣ፕሮግራም ኮሚቴ ፣ምስያም ኮሚቴ ወዘተ ዝበሉ ከም አድላዊነቱ እዚ ቦርድ ኮሚቴታት ከጣይሽ ይኽእል፡

## ክፍሊ 2 - ምስያም ኮሚቴ

ብናይ ፈፀምቲ አባላት ቦርድ ፍቓድ አቦ መንበር ቦርድ ኮሚቴ ከቋቕም ይከእል:: ናይታ ዝተጣየሸት ኮሚቴ ስያሜ አብ ጨንፈራት ቦርድ ብዝተመረፁ ፈፀምቲ ስራሕ አብዝሓ ድምፂ ክረጋገፅ ይግባእ:: ናይ ቦርድ አቦ መንበር ናይቶም ዝተሓፀዩ ሕሉፍ ግዜ ተመክሮ ስራሕ ወይ ደረጃ ትምህርቲ ሓበሬታ ብምርአይ ንሓደ አባል ክመርፅ ይኽእል::

እዚ ቦርድ ዝድለ በዝሒ አባላት ቦርድን ግልጋሎት እዋን ስራሕን ናይ ምቕያር ወይ ናይ ምምሕያሽ መሰል አለዎ:: እቲ ዝቐርብ ደብዳቤ ናይ ዝተሓፀዩ ፊርማ ዝዓረፈሉ ክኸውን ይግባእ:: ብፈፃሚት ቦርድ ኮሚቴ ምስ ፀደቐ እዚ ቦርድ አብ ናይ ሕድሕድ ተመራፀ፤ አባል ሕሉፍ ታሪክ ብምቅራብ ብናይ ማሕበር ዌብ ሳይት ወይ ብናይ ማሕበር ሕጋዊ ህትመት አቢሉ ናይ አባላት መረፃ ክጋዋሕን ክፍለጥን አለዎ::

## ክፍሊ 3 - ሚድያ ኮሚቴ

ናይ ሚድያ ኮሚቴ ክልተ ጨንፈራት ይህልዎ፡፡ ጨንፈር ፋእሚ ገፅ(ዌብ ሳይትን) ኮሚቴን ጨንፈር መፅሄት ኮሚቴን ይበሃሉ፡፡

**<u>ጨንፈር መፅሄት ኮሚቴ</u>** ናይዚ ማሕበር ውሳነታት ዋኒናት፣ ፀብፃብ ፋይናንስ ናይ ገንዘብ መአከቢ ፕሮግራምን ቀፀልቲ ምድላዋት ሓዊሱ ዓመታዊ መፅሄት ናይ ምሕታም ሓላፍነት አለዎ፡፡ ብተወሳኺ እዚ መፅሄት ምስ ዝሳተፉ አባላት ኩሎም ብደረጃ ማሕበር ከም መራኸቢ ኮይኑ ዝጠቅም እዩ፡፡ እዚ መፅሄት ንናይ ሽረ ልምዓት ማሕበር አፈፃፅማ ኣብ ሃገር ምስ ዝሰተፍ አባላትን ካልኦት ጨንፈራት ንዘለው አባላት ሓበሬታ ዝህብ ይኸውን፡፡ እዚ ኮሚቴ አታ መፅሄት ክትህተም እዚ ከሳልጥ ምስ ኩሎም ጨንፈራት ዝተመረፁ መካየድቲ ስራሕ ብቐርባ ዝሰርሕ ይከውን:: እዚ ኮሚቴ ብዘይ ምንም ተፅዕኖ ፍትሓውን ነፃን ብዝኾነ መንገዲ ሓሳቡ ዝገልፅ ይኸውን::

**<u>ጨንፈር ፋእሚ ገፅ (ዌብሳይት ኮሚቴ)</u>** ናይቲ ማሕበር ፋእሚ ገፅ (ዌብሳይት) ትሕዝትኡ ናይ ምምሕያሽን ሳሓባይ ናይ ምግባር ሓላፍነት አለዎ:: እዚውን ምስቲ ናይ ቀረባ ማ.ል.ሽ.ሰ.አ ዝተተሓሓዙ ሓበሬታታት አብዚ ዌብሳይት ብምውፃእ ተኸታታሊን እዋናውን ምግባር::

አባላት አረአእየኦም ሓሳቦምን ግብረመልሲ ወዘተ አብ (chat room) ብምልጣፍ ናይ አባላት ተሳተፎ ምብርታዕ ዝካየድ ይኸውን:: ናይዚ ኮሚቴ ጠቕላላ ስራሕቲ አባላት ብተኸታታሊ ብዝርዝር ናይ ማሕበርም ከይዲ ክሪኡን ክፈልጡን እቲ ዌብ ሳይት ሰሓባይን ካልኦት ናፍታ ማሕበር ክአትዉ ዝገብር ይከኸውን::

ናይዚ ሚድያ ኮሚቴ ጅማሮ ንክልተ ዓማውቲ እዋን ስራሕ ዘገልግሉ አባላት ዝሓዘ ይኸውን::

ኮይኑ ግን አብ ኩሉ ጉዳይ እዚ ሚድያ ኮሚቴ ዝትክኦም ብፈፃሚት ቦርድ ክሳብ ዝሰየም ወይ ዝምረፅ ዘገልግሉ ይኸውን::

## ክፍሊ 4 - ኮሚቴ እቶት ምትእኽኻብ

እዚ ኮሚቴ ናይ ነዊሕን ሓፂርን ዕላማን ሽቶን መደብ ምትእኽኻብ እቶት ዝትልም ይኸውን:: እዚ ኮሚቴ ዝርዝር ትልሚ ዘለዎ ናይ እቶት ምትእኽኻብ ምድላዋት ናይ ምቅራፅን ናይ ምግምጋምን ስራሕቲ ንኽፀድቅ ናብ አባላት ቦርድ የቅርብ :: እዚ ኮሚቴ እቲ ናይ ማሕበር ዓመታውን ፍሉይ ምድላውን ምስ አባላት ቦርድ ክልላዊ ኮሚቴ ብምርድዳእ ግዜን ቦታን ናይ ምውሳን ስልጣን አለዎ:: ብተወሳኺ እዚ ኮሚቴ ናይቲ ምድላወ ዕውትነት ተግባራዊ ንምግባር አብ ከይዲ ትልሚ ምፍላጥን ሓፈሻዊ አፈፃፅምኡ ምስ ክልላዊት ኮሚቴ ዝሰርሕ ይከውን:: እዚ ኮሚቴ አብ ናይዚ ማሕበር ምድላዋት ክልቲኡ ናይ ገንዘብ አሰራርሕኡ ንፁር ናይ ስራሕ ስርዓት ረቑሒ ዝህልዎ ይኸውን:: እዚ ዝሰርሓሉ ረቑሒ ስርዓት አብ ኩሉ ሕድሕድ ተግባራት (ንአብነት ናይ ገንዘብ መቆፃፀሪ ደፍተር ደረሰኝ ናይ መድረኽ ዝምረሓሉ ቅደም ሰዓብ ናይ ምድላው ስራሕ ወዘተ ) ዘገልግል ኮይኑ ጠቕላላ እዚ ኮሚቴ እዚ ምድላው ብምምራሕን ብምውዳድን ዕውት ናይ ምግባር ብዋንነት ቀንዲ ተራ አለዎ:: ዝተመረፀ ተሓዚ ገንዘብ ቦርድ ናይዚ ኮሚቴ አቦ መንበር ይኸውን እቲ ናይ ኮሚቴ መተአኻኸቢ እቶት ንክልተ ዓመት ዘበን ስራሕ ዘገልግሉ ሰለስተ አባላት ዝሓዘ እዩ:: ኮይኑ ግን ብዝኮነ ጉዳይ ጨንፈር ፈፃሚት ዝትክኦም ክሳብ ዝስይም ዝምረፅ ዘገልግሉ ይኾኑ::

<u>**መተሓሳሰቢ**</u>:- እቲ ኮሚቴ ብስምምዕ ንስራሕ ዘገልግል ንፁርንን ሓፂር ሕጊ ዝህልዎ ይኸውን::

# ዓንቀፅ 9 ፡ ውዕል ፡ ልቓሕን ተቐማጢ ገንዘብ

## ክፍሊ 1 - ውዕሊ

እዚ ቦርድ ክንዲ እዚ ማሕበር ወኪሉ ዝኾነ አፊሰር ዝኾነ ውዕሊ ክኣቱ፣ ክዛተን ሰነድ ክቕርብ ክውክል ይኽእል፡፡ እዚ መዚ ውክልና ብሕጋዊ መንገዲ ክካየድ ይግባእ፡፤ ማሕበር ብምውካል ውዕሊ ዝፍፀመሉ

ለቓሕ የለን፡፡ ብሽም ማሕበር ዝወሃብ ትእዛዝ ቼክ ወይ ክፍሊት ኩሉ ክልተ ተመረፅቲ ክፍርምሉ ይግባእ፡፡

## ክፍሊ 2 - ገንዘብ (ፋይናንስ)

በዚ ማሕበር ዝወሃብ ኩሉ ፈንድ (ቼክ ትእዛዝ ገንዘብ ወይ ካልእ ዓይነት ክፍሊት) ምስተቐበሉ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ክቕመጥ ዝግበእ ኮይኑ ንውሽጣዊ ኦዲተር ሪፖርት ክግበር ይግባእ፡፡ እዚ ውሽጣዊ አደቲር ዝተቐበሎ ትእዛዝ ቼክ ወይ ገንዘብ ቅብሊት ይህብ፡፡ እዚ ውሽጣዊ ኦዲተር በብግዚኡ ናይ ቀጥታ መስመር ዝውውር ዝቆፃፀር ይኸውን፡፡

# ዓንቀፅ 10 : ሕገ - ደንቢ ምምሕያሽ

## ክፍሊ 1- ምምሕያሽ

እዚ ሕጊ አድላይ ኮይኑ እንትርከብ ኣባላት ቦርድን አባላት ገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽን ብኣብዝሓ ክልተ ሲሶ ድምፂ ክመሓየሽ እኽእል፡፡ እቲ ዝቐረበ መመሓየሺ ብስሩፅ ናይ ቦርድ ደብዳቤ ናብ ቦርድ ፀሐፊ ክቐርብ አለዎ፡፡

## <u>መረጋገፂ</u>

እዚ ሕጊ ኣብ ጥሪ 2001 ዓ.ም. ኣብ ኤኼባ ቦርድን ገለልተኛ ኣባላት ኦዲት ኮሚሽን ብክልተ ሲሶ ኣብ ዕፅው ድምፂ ፀዲቑ፡፡



# ኮሚሽን ገለልተኛ ቁፅፅር

# ሕገ—ደንብን መምርሕን

# ኮሚሽን ገለልተኛ ቁፅፅር

# ሕገ–ደንብን መምርሕን

## ምምርሒ ናይ ቁፅፅር ገለልተኛ ኮሚሽን

እዚ ገለልተኛ ቁፅፅር ኮሚቴ ዝቆመሉ ዕላማ ስራሕ ናይዚ ማሕበር ሓፈሻዊ ናይ ገንዘብ መቆፃፀሪ ረቛሒታት ናይ በጀት መምርሒ ትኽክል ሙኳኑ ምርግጋፅ ዝዓለመ ውሽጣዊ ቁፅፅር ዝግበረሉ ሜላ ዘማዕብል እንትኸውን አድላይ እንተኾይኑ አብ ቀፀልቲ ወይ መፃኢ ፕሮጀክትታት ተረኺቡ ምትሕብባርን ዓመታዊ ናይ ኦዲት ሪፖርት ንኩሎም አባላት እዛ ማሕበር ብምፅብፃብ አባላት አብዛ ማሕበር ዘለዎም እምነት ከሕድሩ ዝገብር እዩ:: ብጠቕላላ ናይ አሰራርሓ ውሽጣዊ ቁፅፅር ብምምሕያሽ እዛ ማሕበር ሽቶአ ንኽትዕውት ብምሕጋዝ ዘገልግል እዩ::

## አባላት ኮሚሽን ገለልተኛ ቁፅፅር

እዞም ገለልተኛ ኣባላት ኮሚሽን ቁፅፅር አብ ዓመታዊ አኼባ ብአባላት ማሕበር ንሰለስተ ዓመት ከገልግሉ ዝምረፁ ይኸውን:: እዞም ገለልተኛ ኮሚሽን ቁፅፅር ሓደ ዳይሬክተር ፣ ሓደ ፀሓፊ ፣ ሓደ ውሽጣዊ ኦዲተር ፣ ሓደ ግዳማዊ ኦዲተር ፣ ሓደ ኦዲተር ርክብ ህዝቢ ዝሓዘ ሓሙሽተ አባላት ይህልውዎ:: አብ አዋን ግልጋሎት ዘበን ካብ ገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽን ዝኮነ አባል አብ ዝለቐሉ ግዜ እቲ ዝተረፈ ናይ ግልጋሎት እዋን ንምዝዛም እቲ ዳይሬክተር ናይ ኦዲት ኮሚሽን ካብ ዘለው ተሳተፍቲ ንቑሓት ኣባላት ክመርፅ ዝኽእል ኮይኑ አብቲ አኼባ ብዝተረኸቡ አባላት ኦዲት ኮሚሽን ብአብዝሓ ድምፂ ከፀድቕ አለዎ::

## ስራሕን ሓላፍነት

**<u>ዳይሬክተር</u>**

- ኣብ ኮሚሽን ውሽጢ ዘለው ሓላፍነታትን ኩሉ ተግባራትን ብምልኡ ምምራሕ
- ናይ ኦዲት ትልሚ ምትሕብባርን ናብ ኦዲት ኮሚቴ ምቕራብ

- ምስ አባላት ቦርድ ውልቀ ሰባትን ግዳማዊ ትካላት ምርኻብ፣ ናይ ጎንፂ ምኽንያታት ምፍታሕ፣ ሓበሬታ ምልውዋጥ፣ ምስ አባላት ቦርድን ካልኦት ትካላት ናይ ቴሌ ኮንፈረንስ አኼባ ምድላው
- ናይ ፅሑፍ ሰነድ (አብነት ሪፖርት፣ሓሳባት፣ደብዳቤታት ወዘተ) ሪፖርት ዝተገበርሉ ሐበሬታ ትኽክለኝነት ንምርግጋፅ ዘዓለመ ምድላዋት ምትሕብባር፡፡
- ውፅኢታዊን ስሉጥ አመራርሓ ቁፅፅር ንምብርትታዕ ዝዓለመ ምስ ኣባላት ቦርድ እዚ ማሕበር ብምትሕብባር ምድላውን አፈፃፅማ ፖሊሲን ደንብታት ምድላው ምትሕብባር
- ናይ ኮሚሽን አፈፃፅማ ስራሕ ረቛሒ፣ ስትራቴጂን ቁፅፅር ምድላው
- ኣብ ውሽጢ ማህበር እቲ ኮሚሽን ዘለዎ ሰናይ ሽም ንምሉእ ገለልተኝነት ፍትሓዊነትን ግልፅነትን ናይ ጥምረት መትከልን ተሓታትንት ምዕባይ

**<u>ፀሓፊ</u>**

- ኣብ ዝኾኑ ተግባራት ከምእውን ኣብ ዝኾነ ዝተወሃበ ምድላው ፀብፃብን ኦዲት ኮሚሽን ዳይሬክተር ምሕጋዝ
- ናይ ተግባራት መዛግብቲን ናይ ኦዲት አኼባ ኩሉ ከይዲ ምሓዝን ምስ አባላት ቦርድ ብሓባር ምስታፍ
- ብመሰረት ደንብታት ሕጊ ወይ ብሕጊ ዝድለዩ ኩሉ ምልከታ ዝተወሃ ምኂኑ ቼክ/ምፅራይ
- ናይ ኩሉ አኼባ ሰነድ ቃለ–ጉባኤ ምቕማጥን ኣብ ተግባራት ክትትል ምግባር
- ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ቦርድ ኦዲት ኮሚሽን ዘደልዩ/ዝሓቶ ኣብዝኾነ ብሕጊ ዝተፈፀመ ሰነድ ማሕተም ምዕራፍ
- ናይ ኦዲት ኮሚሽን ዳይሬክተር ኣብ ዘይህልዉሉ ጊዜ ፀሓፊ ኤኼባ ዝመርሕ ይኸውን፡፡

**<u>ውሽጣዊ ኦዲተር</u>**

- ኣብ ካይዲ ምትእኽኽብ ገንዘብ ካብ ኩሎም ግዝኣታት ገንዘብ ንምትእኽኻብ ንምሕጋዝ ዝዓለመ አብነት ፒ ኤንድ ኤል መግለፂ ስርዓት ወይ ቀሊል ናይ ኣታውን ወፃእ መግለፂ ስታይል ስታንዳርድ/ደርጅኡ ዝሐለው ስርዓት ሙቆፃፀሪ ኦዲት ምድላው

- ምስ መዳልዊቲ አኼባ ብምትሕብባር ኣብ ዝካየድ ማሕበራዊ አኼባ እቲ ዝተሓንፀፀ ስርዓት መቆፃፀሪ ኢዲት ንኽጥቀሙ ዝሕግዝ ቴክኒካዊ ድጋፍ ብምሃብ ጥረ ገንዘብ መስረት ዝገበረ ዝተፈለልዩ ትልሚ ኦዲት ምውፃእን ምክያድን
- ንኩሎም እዚ አባላት ማሕበር ንዝመፅአ ሓበሬታ ትኽክለ፨ነት ንምርግጋፅ ኣብ ማሕበራዊ አኼባ ምድላው:: ጥረ ገንዘብ መሰረት ዝገበረ ከይዲ አሰራርሓ ፋይናንስ ሓበሬታ ምሃብን ምቁፅፃርን ምትሕብባርን
- ናይ ኦዲት ወሰን ምልልስን ዝዓለመ ስርዓት ፍሰት ጥረ ገንዘብ ንምትንታት ኩሎም ዝተደገፉ ሰነዳት ንምርካብ በብደረጅኡ ግዝአት ምስ ዝርከቡ መዳላወቲ ምርድዳእን ብሙያዊ መንገዲ ምርካብ፡፡
- ኣብ እዋን ከይዲ ኦዲት/ቁፅፅር ክህሉ ዝኽእል ክፍተት ድሕሪ ምምርማርን ምፅናዕን ናይ መወዳእታ ሪፖርት ንላዕለዋይ ኦዲተር ምቕራብ

<u>ግዳማዊ ኦዲተር</u>

- ኣብ ኪይዲ ዘለው ፕሮጀክትታት ፍሰት ጥረ ገንዘብ ንምፍፃም ምስ መዳለውቲ ግዝአት ምትሕብባርን ምክትታልን
- ኣብ ውሽጢ ሃገር መሰረት ካብ ዝገበረ ማሕበር ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት ምኽባር ኣብነት (ምስሊ ቪድዮን ፅሑፍ ሰነድ) ሐበሬታ ንምርካብ ምትሕብባርን ኣባላት ንምትብባዕ ዝዓለመ ክንዲ ዝከአል ንኹሎም አባላት ሪፖርት ምግባር
- ናይቲ ፕሮጀክት ከይዲ ፅፈትን ውፅኢታዊነት ብምቁፅፃርን ብምግምጋም ገለልተኛ ዝኾነ ናይ ኦዲት ሪፖርት ንኦዲት ኮሚሽን ምቕራብ
- ኣብ ውሽጢ ዓዲ መሰረቶም ምስ ዝገበሩ ማሕበርን ማሕበረሰብ ብተኸታታሊ ዘራኽብ ክልቴአዊ መንገዲ ርክብ ምፍጣርን ተግባራት እቲ ፕሮጀክት ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ምሓዝ

<u>ርክብ ህዝቢ</u>

- ነዚ ማሕብር ትርጉም ዘለዎ ገንዘብ ምእካብ ዝዓለመ ሞስ አገደስቲ ህዝባዊ ትካላት ዩኒቨርስቲ፣ ቤተክርስትያንን ካልኦት ትካላት ትርፊ ዘርከብ ርክባት ምዕባይ

- ናይ ማሕበርና ምልመላ አባላት ስትራቴጂ አታዊ ንኽውስኽ መንገድታት ምፅናዕን ውፅኤታዊ ፕሮግራም ምልመላ ንምዕባይ ሓድሽ ምልመላ ኣባላት ውሱን ስትራቴጂ ዘድልዮ ንምዕባይ ምስ አባላት ቦርድ ምስራሕ
- ምስ ኣባላት ቦርድ ውፅኤታዊ ዝኮነ ርክብ ብምፍጣር ዝኾነ ዓይነት ናይ ገንዘብ መአከቢ ፕሮግራም አብነት ጋዜጣ ሬድዮን ዝተፈላለዩ ዌብ ሰይት ሽፋን ሚድያ ንምፍናው ምትሕብባር
- እዚ ፕሮጀክት ንምሕጋዝ ናይ ምርመራ መፅናዕቲ ወይ ካልእ ገንዘብ ክርከበሉ ዝኽእል ፍልፍል ትንተና መንገዲ ምክያድን ድሕሪዚ ደጋፍቲ ሰነዳት ብምትሕሓዝ ዕቱብ ተዘማዲ ፕሮፖዛል ምድላውን እዚ ፕሮፖዛል ናብ ሓገዝ ወሃቢቲ ትካል ምልአኽ/ ምብፃሕ
- እዚ ቀፃሊ ፕሮጀክት ንምሕጋዝ ካልእ ዝኾነ ገንዘብ ክርከበሉ ዝኽእል ሓድሽ ሓሳብ መፍጣር፡፡

## አኼባ

ናይ ኦዲት ኮሚሽን አባላት አኼባ ቴሌኮንፈረንስ ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ ይካየድ፡፡ አድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ፍሉይ አኼባ ብገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽን ክልተ ኢድ ፀዲቑ ክካየድ ይኽእል፡፡ ሕድሕድ አኼባ ቅድሚ ምክያዱ እንተነአሰ ቅድሚ ሐደ ሰሙን ብኢሜይል ወይ ብስልኪ ብካሊእ መራከቢ ክጋዋሕ አለዎ፡፡

## ብዛዕባ ምምሕያሽ ሕጊ

እዚ ናይ ገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽን ሕገ ደንቢን መምርሕን ብኣብዛሓ 2/3 ኣባላት ፀዲቑ ብነሐሰ 2001 ዓ.ም. እዚ ሕገ ደንቢን መምርሕን አድላይ ኮይኑ እንትርከብ ኣባላት ቦርድን አባላት ገለልተኛ ኦዲት ኮሚሽን ብኣብዝሓ ክልተ ሲሶ ድምፂ ክመሓየሽ እኽእል፡፡

**- - - ተፈፂሙ- - - - -**